# 4. እግዚእትነ ማርያም ድንግልን ኣደ ኣምላኽን

“እንሆ ድንግል ክትወልድ እያ - ስሙ እውን ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ”
(ኢሳ 7፡14)



**1. መእተዊ**

ንሕና ካቶሊካውያን ንእግዝእትነ ማርያም ከምታ እምላኽ ካብ ጥንቲ ዝሓረያ ሰበይቲ፡ ስብኣይ ከይፈልጥት ብድንግልና ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወለደትልና፡ ኣደ-ኣምላኽ፡ ኣደ ብተክርስቲያን እንብላ ዓባይ ፍጥረት ምዃና ንኣምን። ገል ወግናት ክርስትተያን ግና “ኣደ ኣምላኽ” ክንብላ እንክሎና፡ ክም እምላኽ ንንምልኻ ዝሎና ግይሮም ይወስድወን፡ ብእና ይፅንቀፉን። እምበኣር እዚ ንእሽቶይ ጽሕፍ መሠረት እምነትና ክቕርበልና እዩ።

**2. “እንሆ ድንግል ክትወልድ እያ” (ኢሳ 7፡14)**

“ስለዚ እግዚኣብሔር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፡ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲ ኸኣ ኽትወልድ እያ፡ ስሙውን ኣማኑኤል ኣኢላ ክትሰምዮ እያ” (ኢሳ 7፡14) እናበለ ኢሳያስ ነብይ ነታ ንደቂ እስራኤል ዘድኅኖም መሲሕ እትወልስ ድንግል ምዃናን ንፍሉይ ትእምርትን ተልእኾን ሕርይቲ ምዃናውን ይዛረበና። እዛ ድንግል እዚኣ ንሔዋን ተኪኣ ነቲ ርእሲ ተመን ዝጭፍልቕ መድኃኒ ዝወለደትልና እታ ንዘመናት ዝተጸበናያ “ሰበይቲ” እያ (ዘፍ 3፡15)። ሓንሳእ ንኩሉ ግዜ ንኣምላኽ ገዛእ ርእሳ ዝወፈየት ድንግል እያ (ሉቃ 1፡38)።

**ኣኅዋት ኢየሱስ**

ማርያም ድንግል እያ። ገለ ወገናት ክርስትና ግና ንማርያም ከም ድንግል ኣይቅበልዋን እዮም። ክሳዕ ንክርስቶስ እትወልድ ድንግል ነይራ ይብሉ፡ ብድሕሪኡ ብድንግልና ኣይቀጸለትን፡ ካልኦት ውሉድ ነይሮማ ዝብል ትንተና የምጽኡ። ነዚ ኪምጉቱ፡ ካብ ቅ.መጽሓፍ ማቴ.12፡46፤ ማር.6፡3፤ ዮሓ.7፡5፤ ግሓ,1፡14፤ 1ቆሮ.9፡5፤ ብዛዕባ ኣሕዋት ጐ.ኢ.ክ. ይጠቕሱ። ንኣብነት ማቴ.12፡46 እንተንበብና “ኣዲኡን ኣሕዋቱን” እትብል ቃል ጠቒሶም፡ ክርስቶስ ኣሕዋት ከም ዝነበርዎ፡ ንሱ ጥራይ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ድንግል ማርያም ከምዝተወልደ፡ ብድሕሪኡ ግና ኣሕዋት ከምዝነበርዎ ከረድኡናን፡ ድንግልናኣ ክነጽጉን ይጽዕሩ። ካልኦት ቆልዑ ካብ ቅ.ዮሴፍ ከምዝወለደት ገይሮም የቕርቡዋ።

እቲ በቲ ሽዑ ጊዜ ሕውነት ኪበሃል እንክሎ፡ ነቲ መቕርብ ወይ ዘመድውን የመልክት ነይሩ እዩ። ንሕና እውን ንኣዝማድና ምስጓኖት ክነላልዮም እ[illegible] ሓወይ ሓብተይ ብምባል ኢና እነላልዮም። እዚ ኣብ ዕብራውያን ልሙድ መግለጺ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣ[illegible]:26- ንመልከት፡ ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ሎጥ ከም ሓዊ ኣብርሃም ይጥቀስ። ኣብ ዘፍ.14፡14-16 ግና ሎጥ ንኣብርሃም ወዲ ኃው ምዃኑ ይነግር። እቲ ሓቂ ግና ሎጥ ንኣብርሃም ወዲ ሓዉ ምዃኑ እዩ። ካልእ ኣብ ዘፍ.29፡15 እውን ንመልከት፡ ያዕቆብ ምርቓ ናይ ኣብኡ ብሕቡእ ምስወሰደ ኣዲኡ ካብ ኤሳው ሓዉ ተሀድሞ፡ ናብ እንዳሓዋ ላባን ትሰዶ፡ ላባን ድማ “ሓወይ ክንድዝኾንካ'ዶ ብኸምኡ ክትግዝኣኒ ኢኻ!” ይብሎ። ወዲ ሓብቱ ከሎ ከም ሓው ገይሩ የዘራርቦ። ከምኡ ኣብ 1ዜና 23፡21-22 “እተን ኣዋልድ ኣሕዋተን ተመርዓዋ” ይብል፡ እቲ ዛንታ ማሕሊ ክልተ ቆልዑ ነይሮሞ ጥኸን ኤልኣዛርን፡ ጢሸ ኣወዳት ይወልድ አልኣዛር ድማ ኣዋልድ ይወልዱ፡ ኣዞም ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ይምርዓው እሞ “ኣሕዋተን ተመርዓዋ” ይብለን። ስለዚ እዚ እቲ “ኃው” ዝብል ቃል ነቲ ካብ ወለድኻ ዝተወልደ ሰብ ዘይኮነ ጥራይ ዘስምዕስ እንተላይ ነቲ ካብ መቅርብካ ዝተወልደ እውን የስምዕ ነይሩ ማለት እዩ።

ከምኡ እቶም ተመራመርቲ ናይ ቅ.መጽሓፍ ብዛዕባ'ዚ ሕውነት ዝምልክት ቃል ኪመራመሩ እንከለዉ፡ ነቲ ቛንቋታት ኣረማይስጥን ዕብራይስጥን ብሓደ ቃል ንርሕቕ ዝበለ ዝምድና ኪገልጹ ኣይክእሉን ነይሮም ይብሉ። ናብ እንግሊዝኛን ኣብ ትግርኛን እውን እንተተተርጐመ ነቲ ቃላት ከም ዘለዎ ይትርጉሙዎ። ግሪኽ እውን ሽሕ እኳ ምዕ ቡል ቛንቋ እንተነበረ ግን ኣብ ኣተረጓጉማ ከምዘለዎ፡ ካብ ዕብራይስጢ ይትርጉምዎ። ስለዚ እቲ ብዛዕባ ኣሕዋት ጐ.ኢ.ክ. ዝናገር ጥቕስታት ቅ.መጽሓፍ እግ.ማርያም ውሉድ ከምዝነበርዋ፡ ወይ ድንግል ዘይምንባራ ዝምስክር ጥቕስታት ኣይኮነን።

ከምኡ ሓወይ ወይ ሓብተይ ዝብሉ ቃላት ንብስጋ ዝዛመደካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኣዕሩኽ እውን ሓወይ ሓብተይ ኢሎም ይጽውዕዎም ነይሮም እዮም። ከምኡ ምስቶም ውዕል (ኪዳን) ዝኣትውሎም ሰባት (ንኣብነት መውሰቦ) ከም ኣሕዋቶም ገይሮም ይጠቕስዎም። ስለዚ ንርሑቕ ዝምድና ብዝምልከት ኣብ ዘዳ.23፡7፤ ኤር.34፡9፤ ንኣዕሩኽቶም ዝምልከት 2ይ ሳሙ.1፡26፤ 1ነገ.9፡13፤ 20፡32 ብውዕል (ኪዳን) ዝተፋለጥዎም (ዓሌት ንዓሌት ዝተዋሰቡ ወይ ሓደ ገዛ ምስ ካልእ ገዛ፡ ዝተዋሰቡ ወይ ካልእ ዝዓይነቱ ውዕለታትን ኪዳናትን) ኣሞጽ 1፡9 ክንምልከት ንኽእል ኢና። ስለዚ ሕውነት ኣብ ቅ.መጽሓፍ (ኣብ ባህሊ እስራኤላውያን) ትርጉሙ ሰፊሕ እዩ።
እ.ማርያም ኣብ ጊዜ ብስራት ነቲ መልኣኽ ዝሓተተቶ ሕቶ፡ "ኣነ ድንግል እየ፡ እዚ ነገር እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ይኽእል?"(ሉቃ 1፡ 34) እያ ዝበለቶ። እዚ ድማ ብዕድመ ድዩ ብርድኢት ብስልቲ ከምዝነበረት የርእየና። ስለዚ መውስቦ ሰብኣይን ሰበይትን ውሉድ ከምዘስዕብ ትፈልጥ ነይራ፡ ነዚ ዘይትፈልጥ ድንግል ኣይነበረትን።

ጐ.ኢ.ክ. ኣብ ቤተ መቕደስ ኪጠፍእ እንከሎ ወዲ 12 ዓመት እዩ ዝነበረ። እ.ማርያም ዝበለቶ ግና፡ ኣነን ኣቦኻን ክንደልየካ ውዒልና፡ ደኣ እምበር ኣነን ኣቦኻን ኣሕዋትካን ክንደልየካ ውዒልና ኣይበለቶን። እዚ ድማ ካልኦት ውሉድ ከምዘይነበራ የመልክት። ድሮ ኣብዚ ጐ.ኢ.ክ. ወዲ 12 ዓመት እዩ ዝነበረ፡ ኣሕዋት እንተዝህልውዎ ድሮ ምተወልዱ ምዓበዩ እሞ፡ ከምቲ ባህሎም ድማ ስድራ ማርያምን ዮሴፍን ንንግደት ምስ ደቆም ናብ ኢየሩሳሌም ምኸዱ። ግና ኣብቲ ጥቕሲ ከምኡ ከምዘይነበረ ኢና እንርኢ።

እቶም ናይ ቛንቋ ግሪኽ ተመራመርቲ ነቲ ኣብ ማር.6፡3 ዘሎ ኪትንትንዎ ከለዉ፡ "እቲ ወዲ ማርያም" ደኣ እምበር "ወዲ ማርያም" ኣይብልን እዩ፡ እዚ ድማ ካብ ቛንቋ ግሪኽ ዝተወሰደ ትርጉም እዩ። ኣብ ቛንቋ ግሪኽ "እቲ" ዝብል ቃል ንሓደ በይኑ ውሉድ ዝኾነ ወዲ ኢዩ ዘመልክት እምበር ንብዙሓት ውሉድ ዘለዎም ስድራ ኣይምልከትን እዩ ይብሉ (ኣብ ቛንቋ እንግሊዝኛ እንተተመልከትና እውን ከምኡ እዩ)።
ኣብ ባህሊ እስራኤላውያን እቶም ዓበይቲ ነቶም ንኣሽቱ ኪመኽርዎምን ሓሳባቶም ክገልጽሎም ይኽእሉ ነበሩ። እቶም ንኣሽቱ ንዓበይቲ ግን ወይ ኪመኽርዎም ወይ ሓሳብቶም ኪገልጽሎም ኣይክእሉን ነይሮም። ስለዚ ዓቢይ ሓውኻ ዝበለካ ኢኻ ክትሰምዕ ዝግባእ፡ ኣብ ዮ -16- "ኣሕዋቱ መኸርዎ" ዝብል ንረክብ፡ ከምኡ ኣብ ማር.3፡21 "ኣሕዋቱስ መኸርዎ" ይብል። ኢየሱስ ግና የም ቦኹሪ ወዳ ስለ ዝነበረ እዞም ኣሕዋት ዝበሃሉ ዘለዉ ቤተሰቡ (ኣዝማዱ) ኪኾኑ ኣለዎም።
ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ክመውት እንከሎ ንእ.ማርያም ንቅ.ዮሓንስ ወንጌላዊ የወፍያ። ማርያም ብድሕሪ ኢየሱስ ካልኦት ወሊዳ እንተትኸውን፡ ስለምንታይ ኣብ ጊዜ ሞቱ ምስ ኣሕዋቱ (ደቂ ማርያም) ዘይገድፋ? እዚ ማርያም ካልኦት ደቂ ከምዘይነበርዋ እዩ ዘመልክት።

**ማርያም ካልኦት ከም ዝወለደት ዘርእዩና ጥቕስታት?**
ኣብ ማቴ.1፡25 "ቦኽሪ ወዳ ክሳብ እትወልድ ኣይፈለጣን" ይብል። ስለዚ "ክሳብ ካብ በለ፡ ብድሕሪ ምላድ ኢየሱስ ዮሴፍ ንማርያም ይፈልጣ ነይሩ እዩ፡ ወሊዶም እዮም። ማርያም ብድንግልና ኣይቀጸለትን"፡ ዝብሉ ኣሎዉ። እንተኾነ እዛ "ክሳዕ" እትብል ቃል ኣብ ቛንቋ ዕብራይስጢ ብኸምኡ ከምዘይትትርጐም ኣብ ቅ.መጽሓፍ ክንምልከት ንኽእል ኢና። 2ሳሙ.6፡23 "ሚካል ጋል ሳኦል ክሳብ እትመውት ውላድ ኣይነበራን" ይብል። እሞ "ክሳብ" ስለዝበለስ ሚካል ምስ ሞተት ወሊዳ ማለት ድዩ? ዘይከኣል ነገር እዩ። ስለዚ "ክሳብ" ኣብ ዕብራይስጢ (ቅ.መጽሓፍ) ከምዚ እዞም ገለ ክርስቲያን ዝትርጉምዎ ኣይትርጉምን ማለት እዩ። ዘፍ.8፡7 እውን ክንምልከት ንኽእል ኢና። ዘዳ.34፡6 እውን ብዛዕባ መቓብር ናይ ሙሴ ዝዛረብ እዩ። "ክሳብ ሎሚ መቓብር ናይ ሙሴ ኣይፍለጥን እዩ" ይብል። ሽዑ ጥራይ ዘይኮነስ ሎሚ እውን እንተኾነ መቓብር ናይ ሙሴ ኣይፍለጥን እዩ። ከምዝሞተ ፍሉጥ እዩ፡ ኣበይ ተቐቢሩ ግን ኣይፍለጥን እዩ። ስለዚ እዛ "ክሳብ" እትብል ቃል ኣብ ዕብራይስጢ ብከምዚ ልሙድ ትርጉም ክትትርጐም ኣይግባእን። "ቦኹሪ ወዳ ክሳብ ኣትወልድ ኣይፈለጣን" እንተበለ ቃል ኣምላኽ፡ ቦኾሪ ስለዝነበረ ካልኣይ ሳልሳይ ወዘተ ቆልዑ ነይሮማ ክንብል ናይ ግድን ኣይኮነን። ኢየሱስ ንማርያም ቦኽርን እንኮን እዩ። ቦኹሪ ወዳ፡ ሓደ ወዳ፡ እቲ ሓደ ወዳ ድማ ቦኹሪ ወዳ እዩ። ጐ.ኢ.ክርስቶስ ንእ.ማርያም ቦኹሪን ሕንሳስልደን እዩ። ንሓደ ናይ መጀመርያ እንኮ ውላድካ ቦኹሪ እዩ ምባል እንታይ ዝዕንቅፍ ኣለዎ? ወላ ሓደ።
ናይ ስነጥንቲ ተመራመርቲ ኣብዚ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ግብጺ መጽናዕቲ ኬካይዱ እንከለዉ ኣብ ሓደ መቃብር "እዛ ሰበይቲ ቦኾሪ ወዳ ክትሓርስ ከላ ሞይታ" ዝብል ብሑፍ ረኺቦም። ስለዝስ "ንቦኾሪ" ክትወልድ ከላ መይታ ስለዝበለስ ብድሕሪኡ ውላድ ክህልዋ ኣለዎ ማለት ድዩ? ከመይ ገይራ ድኣ እያ እሞ ካልኣይ ሳልሳይ ወዘተ ክትወልድ? ዘይኮውን ነገር እዩ። ስለዚ "ቦኾሪ" ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ንዝተበኰረት ጥራይ ዘይኮነ ዘስምዕ፡ ኣደ ሓደ እውን ኲልሳዕ ኣደ ቦኽሪ ምኺና ትርጉም ዘለዎ ቃል እዩ።
ብ360ዓ.ም. ኣቢሉ በዓል ቅ.ሃሮኒሞስ ዝነበርሉ ጊዜ፡ እግ.ማርያም ድንግል ኣይኮትን ዝብል ክትዓት ገጢምዎም ነይሩ እዩ። ሽዑ እውን እንተኾነ በዓል ቅ.ሄሮኒሞስ ድንግልና ማርያም ይኣምኑ ምንባሮምን፡ ዝጸንሐ እምነት ምኺኑ ንግንዘብ። እዞም ኣበው እዚኣቶም ካብቲ ናይ እግ.ማርያም ጊዜ ርሑቓት ኣይነበሩን። ስለዚ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ከምዝምስክሮ፡ እዚ እምነት ድንግልና እግ.ማርያም ካብ ሽዑ (ናይ ሎሚ ዳርጋ 2000 ዓመት) ጀሚሩ ዝጸንሔ ምኺኑ ንርዳእ።

**3. ስለ ምንታይ ንማርያም ኣደ ኣምላኽ ንብላ?**
"ማርያም ኣደ ኣምላኽ ኣይኮነትን ኣደ ክርስቶስ ኢያ" ማለት እንታይ ማለት እዩ? እቶም ከምዚ ዝብሉ፡ ንማርያም ኣደ ኣምላኽ ምግባር ማለት ልዕሊ ኣምላኽ ምግባር ማለት እዩ በሃልቲ እዮም። "ንኣምላኽ ዝወለደ እንተልዩ ቅድሚኡ ነይሩ ማለት እዩ። ማርያም ከኣ ቅድሚ ኣምላኽ ነይራ ማለት እዩ። ስለዚ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ኣይትክእልን እያ" ይብሉ። ንሳቶም ብጊዜ -17- ይትንትንዎ ኣለዉ። እቲ ነገር ግና ናይ ጊዜ ኣይኮነን። ንሳቶም ንማርያም "ኣደ ኣምላኽ ኣይኮነትን፡ ግና ዓባይን ብልጽትን ሰብ እያ" ይብሉና። ኣደ ኣምላኽ ኢልኩም ኣይትቀበልዋ ኣደ ክርስቶስ እያ ይብሉ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ሓደገኛ ኣበሃህላ እዩ። ምኽንያቱ ንክርስቶስ ከም ሰብ

ፈልዮም ይርእይዎ እሞ ማርያም ነቲ ሰብ ዝበሃል ክርስቶስ ዝወለደት እያ ይብሉ። ንሕና ግና ርግጽ ክርስቶስ ሰብ ምዃኑ ንቅበሎ ኢና። ቃል ኣምላኽ "እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ" (ዮሓ 1፥1) ኪብለና ከሎ፥ ስጋ ኪለብስ ከሎ'ውን ንስጋን ባህርይን ሰብ ከምዝለበሰ፥ ንኣምን። ኵላትና ክርስቲያን ክርስቶስ ኣምላኽ ምዃኑ ንኣምኖ ኢና። ባህርይ ሰብ ከምዝወሰደ እውን ንኣምን። ኣነ ዝብል ሰብን ኣነ ዝብል ኣምላኽን ኣብ ሓደ ክርስቶስ ክርከብ ኣይከኣልን እዩ። ክርስቶስ ኣነ ክብል ከሎ፥ ከም ኣምላኽ ኰይኑ ዝብሎን ዝገብሮን እዩ።

ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘበን ክርስትና ንስጥሮስ ዝበሃል ኣቡን ሓደ ጊጉይ ትምርህቲ ሒዙ፥ ተላዒሉ ነይሩ። ኣብ ክርስቶስ ክልተ ኣካላትን ክልተ ባህርይን ኣሎ እናበለ ኪምህር ጀሚሩ ነበረ። ቤተ ክርስቲያን ነዚ እምነት ነጺጋቶ። "ማርያም ኣደ ኣምላኽ ኣይኰነትን፥ ኣደ እቲ ክርስቶስ ዝበሃል ዘርኤ ሰብ እያ" ምባል ናብዚ ናይ ንስጥሮስ ትምህርቲ ኣቢሉ ከውድቐና ይኽእል እዩ።
እቲ መልኣኽ ንማርያም ከበስራ እንከሎ "እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ኪበሃል እዩ" (ሉቃ.1፥35) ይብላ። ቅ.ጳውሎስ ኣብ ገላትያ 4፥4 እውን "ኣምላኽ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሕጊ ዝነበሩ ምእንቲ ኪድኅን፤ ንህናውን ናይ ዉሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ክንረክብ፤ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ፥ ኣብ ትሕቲ ሕጊውን ዝኃደረ ወዱ ለኣኾ" ይብለና። ስለዚ ቃል ኣምላኽ ባኣሉ ነቲ ንሳ ዝወለደቶ "ወዲ ኣምላኽ" ኣናበሎ ከሎ ንሕና ኣንታዎት ኮይና ኢና "ማርያም ኣደ እቲ ሰብ ጥራሕ እያ" እንብላ? ክርስቶስ ኣይምቀልን እዩ። ክርስቶስ ከኣ ኣምላኽ እዩ። በዚ ከኣ ንማርያም ኣደ ኣምላኽ ንብላ።

ወዲ ኣምላኽ ብምውላዳ ግና፥ ማርያም ንሳ ንገዛእ ርእሳ ናብ ኣምላኽ ተለዊጣ ማለይ ኣይኮነን። ንሳ ፍጥረት ኣምላኽ ሰብ እያ። ከም ኣምላኽ ኣምልኾ ኣይግብኣን እዩ። ከምቲ ኣምላኽ ፍልይቲ ፍጥረት ገይሩ ፍሉይ ክብሪ ዝሃባ፥ ንሕና ከኣ ፍሉይ ክብሪ ክንህባ ይግብኣ እዩ። እዚ ዓብይ ምስጢር ድሕነትና እዩ። ኣምላኽ ዝሰኣኖ ስለ ዘየሎ ከምኡ ገይሩ። ነቲ ንሱ ዝገበሮን ዝገለጾልናን ከኣ ብትሕትና ንኣምኖ።

ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ብዛዕባ እግዚእትነ ማርያም ኪዛረብ ከሎ "ድንግል ማርያም ... ከም ናይ ብሓቂ ኣደ እቲ መድሓኒ ምዃና ትፍለጥን ትኽብርን ... ናይቶም ኣባላት ክርስቶስ ኣደ ምዃና ከኣ ንጹር እዩ ... ከመይ ንሳ በቲ ፍቕሪ ኣብ ቤተክርስቲያን ዘለዉ ኣመንቲ - ኣባላት እቲ ርእሲ ዝኾነ (ክርስቶስ) ዝኾኑ - ኣብ ምውላድ ተሳቲፉ እያ" ይብለና። ከምኡ'ውን ር.ሊ.ጳጳሳት ጳውሎስ 6ይ (21 ሕዳር 1964) "ማርያም ኣደ ክርስቶስን፥ ኣደ ቤተክርስቲያንን እያ" ኢሎም ይገልጽዋ። ከመይ ክርስቶስ ርእሲ ቤተክርስቲያን እዩ (ኤፌ.5፥23፡፡ ኤፍሬ.1፥22-23)፥ ቤተክርስቲያን ከኣ ኣካል ክርስቶስ እያ (1ቆሮ.12፥27)።

## 4. *መደምደምታ*

ቤተ ክርስቲያን እግ.ማርያም ከም መርኣያ ናይ ሕይወት ድንግልና እያ እትውሰዳን እትጠቕሳን። ቤተ ክርስቲያን ሕይወት ድንግልና ምስ ሕይወት መላእኽትን ሕይወት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሳሰል ገይራ ስለ እትምህሮን እትኣምኖን፥ ከምኡ ነቶም ብድንግልና ሕይ ወቶም ዝወፈዩ ድማ ንእግዚኣብሔር፥ ንቤተ ክርስቲያን ብዝበለጸን ብምልኣትን ንምግልጋል ስለዝድግፎም ኪነብ ሩዎ ከምለዎም ገይራ እያ እትኣምንን እትምህርን።